

# መልእኽቲ፡- <u>ካብ ዓለም ለኸ ማ.ል.ሽ ቦርድ ም/ፕረዚደንት</u>

ዝሃበካዮ ዝፍሪ ድንግል መሬት ንመነባብሮ ደቂ ሰባትን እስሳትን ዝስመማዕ ኩነታት ኣየር ፣ ንኣጋይሽ ልዕሊ ነብሱ ዘፈቱን ዘጋይሽን መኽበሪ ሰብን ዝነበረ ከባቢ ፣ ኣፈላላይ ዘርኢ፣ ሃይማኖት ፣ ፆታ ፣ ከይፈለየት ንኹሉ ብማዕረ ተቐቢላ እተታኣናግድን ትሕብሕብን ሽረ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ማእኸል ሽረ እ-ስላሴ ዝገበረት ተሃራፊት ከባቢ እያ። እዚ ልዕልነታ እዚ ከምዘለዎ ንክስጉም ዘኽእሉ ልምዓታዊ ስራሕቲ ይካየዱ እኳ እንተሃለዉ ምስቶም ዘለዉ ጭቡጣት ፀገማት እንትርኣ ግን ትሑት እዩ።

ስለዚ እዚ ክፍተት ንምምላእ ተወለድቲ ፣ ነበርቲ ፣ ፈተውቲ ኣለኹም ዶ? እንተሃሊኩም ድኣ እስካብ መዓዝ? ብምባል ቆላሕ ቆላሕ ትብል ኣላ ሞ ብስሩ ውን ሰብ ዝኽብረሎም ስራሕቲ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ብዝዓዘዘ መልክዑ ግን ንህዝቢ ረብሓ ዝውዕል ዘላቂ ረብሓ ዘረጋግፅ ስራሕ ምስራሕ እዩ። እዙይ ዝብገሰ እውን ካብ ዝተወለደላ መረባ ፣ ካባቢ ፣ ቤተሰብን ህዝብን ካብ ዘለዎ ልምዓትን ፍቅርን እዩ። እዚ ኩሉ ኣተሓሳስባ ኣብ ብዙሓት ሰባት ክህልው ይኽእል ይኸውን ዕውታትን ግዱሳትን ግና ውሑዳት እዮም እሞ ነዚ ዓወት ዚ ንምሕፋስ ውዓል ሕደር ዝበሃሎ ኣይኮነን። እዙይ ብምሉእነት ንምትግባር ማሕበር ልምዓት ሽረ ብቁርፀኝነት ተላዒላ ኣላ ኣብ ጎና ምስላፍ ግደ ወገናታ ይኹን።

**"ኣብ ከባቢና ዝግበሩ ልምዓታዊ ስራሕቲ ቀነኣት**
**ብምዃን ንከባቢና ውን ነልምዕ"**

**መምህር ዘርኣይ ገ/ታትዮስ ተኽለ**